# እግዚኣብሄር ነታ ጽንዕቲ እምነት ዓስቢ ይህብ እዩ

እምነት ናይ ሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድ-ኔጎን ኣብዚ እዋን'ዚ ንብዙሓት ኣመንቲ ከም ታሪኽ ኣንቢብካ ዝሕለፍ እምበር ክትግበር ዝኽእል ኣይመስለናን እዩ (ዳን 3፡1-30)። እዞም በቲ ዝተዋህቦም ዕዮ እሙናት ብምዃኖም በቲ ንጉስ ፍትዋት ዝነበሩ ሰባት በቶም ከለዳውያን ካብቲ ንጉስ ምእንቲ ክፈልይዎምን ብሞት ክቕጽዑን ንእምነቶም ዝፍትን ሓሳብ ኣንቀሉ። እዞም ሰለስተ መንእሰያት ግን ነቲ *"ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሃልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር።"* (ዘጸ 20፡3-4) ዚብል ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣጸቢቖም ተማሂሮም ዝዓበዩ ስለ ዝኾኑ ነቲ ኾራ ንጉስ ከይፈርሁ ነቲ ካብ ንቡር ንላዕሊ ሸውዓተ ዕጽፊ ንዝጉሃረ ሓዊ ኣይፈርሁን። እቲ ዘደንቕ፡ እምነቶም ነቲ ልዑል ኣምላኽ ምእንቲ ከየጉህዩ (ከይብድሉ) ነቲ ብሸውዓተ ዕጽፊ ዝወሰኸ ግሁር ሓዊ ከም ዝመርጹ ገይርዎም እዩ። ከምዚ ድማ ኢሎም "… ዎ ነቡካድነጻር፡ በዚ ነገርዚ ምላሽ ክንህበካ ኣየድልየናን። ዎ ንጉስ፡ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ **ኼናግፈና ይኽእል እዩ።** ካብ ኢድካውን **ኬናግፈና እዩ።** ዎ ንጉስ፡ **ንሱ ኬናግፈና እንተ ዘይፈተወ፡** ንሕናስ ንኣማልኽትኻ ኸም ዘይነምልኾም፡ ነቲ ዘቘምካዮ ምስሊ ወርቂውን ከም ዘይንሰግደሉ ፍለጥ፡ በልዎ።" (ዳን 3፡16-18)።

ንምዃኑ እዞም መንእሰያት ንእግዚኣብሄር ክሳብ ክንድዚ ክኣምንዎ ዝገበሮም እንታይ እዩ፧ ምንጪ ወይ ድማ መሰረት እምነቶም ካብ ቃላቶም ክርከብ ይከኣል እዩ። ንሱ ድማ፡ -

## 1. እምነት ኣብ ከኣልነት ኣምላኽ

*". . . እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኼናግፈና ይኽእል እዩ።"*

እግዚኣብሄር ኵሉ ከም ዝኽእል ኵልና ንዛረበሉ ኣርእስቲ እዩ። ኣብቲ ህሉው ሽግርካ ከም ሸውዓተ ዕጽፊ ዝነደደ ሓዊ ሃልሃል ምስ በለ ግን ነዚ ቃል እዚ ክትሓስብ፡ ክትቕበልን ብእኡ ክትውስንን ቀሊል ነገር ኣይኰነን። ንእግዚኣብሄር ካብቲ ዘለኻዮ ሽግር (ፈተና) ከድሕነካ፡ ኬናግፈካ ዘጸግሞ ነገር ኣሎ ድዩ፧ ኣምላኽይ ካብቲ ዘለኽዎ ሽግር ኬናግፈኒ ይኽእል'ዶ፧ ኣነ'ኸ ብእምነት ስጉምቲ ክወስድን ንኣምላኽ ክውከሎን ፍቓደኛ ድየ፧ በዚ ኹሉ ጊዜ ርእስና ክንፍትሽ ይግብኣና እዩ።

## 2. እግዚኣብሄር ንደቁ ምንጋፍ ፍታዉ ምዃኑ ምርዳእ (ምእማን)

*"ካብ ኢድካውን ኬናግፈና እዩ።"*

እዚኣ እታ ካልኣይቲ ዓንዲ ወይ ከኣ ሓይሊ ናይ እምነት እያ። ብዙሓት ኣመንቲ ብኽኣልነት ኣምላኽ ይሰማምዑ እዮም። እንተኾነ እግዚኣብሄር ኣብ ጉዳዮም ጣልቃ ኣትዩ ኬናግፎም ፍታዉ ምዃኑ ግና ይጠራጠሩ። ንኣምላኽ ምፍላጥ ማለት ንሱ ኣብቲ ንኣኻ ኣዝዩ ዘገድስ ጉዳይ ጣልቃ ኣትዩ ዘጸብቐልካ ምዃኑ ምርዳእ፡ ንኣኻ ስለዘፍቅረካ ኩሉ ጊዜ ጽቡቕ ከም ዝሓስበልካን ካብ ፈተና ከም ዜናግፈካን ርግጸኛ ምዃን እዩ። እቲ ለምጻም ሰብኣይ ንጐይታ ኣብ ከኣልነቱ ጥራይ ብምእማን "እንተ ትፈቱስ ኬተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ" ኢሉ ሓቲትዎ። ጐይታ ድማ ኣብቲ ከኣልነቱ ዘለዎ እምነት ብምሕጓስ *"ፈትየ ኣለኹ ንጻህ"* ብምባል ንሱ ጽቡቕ ከምዝሓስበሉን ኬናግፎ ፍታዉ ምዃኑን ብግብሪ ኣርኣዮ (ሉቃ 5፡12-13)።

## 3. ልኡላውነት ኣምላኽ ምቕባል

"ንሱ ኬናግፈና እንተ ዘይፈተወ…ከምዘይንሰግድ ፍለጥ በልዎ።"

ነዛ ሳልሰይቲ ዓንዲ ሕቖ እምነት ነተግብራ እንተ ዄይንና ኣብ መንፈሳዊ ዕቤት ኣሎና ማለት እዩ። እዞም ሰለስተ መንእሰያት ዋላ'ኳ እግዚኣብሄር ናብ ሓዊ ካብ ምእታው ኣየናግፎም እምነቶም ግን ኣይተነቓነቐትን። እግዚኣብሄር ዝበለጸ ከም ዝሓስበሎም ተረዲኣም ናብቲ ሓዊ ኣትዮም። ህይወቶም ናብኡ ኣማዕቍቦም ኣብቲ ንኣምላኽ ምሕጓስ ወይ ዘይምብዳል ዝብል ሓሳብ ጸኒዖም። ትርጉም ናይ ውሳኔኦም ድማ "ዋላ'ኳ እግዚኣብሄር ከምቲ ዝተጸበናዮ ኣይግበር፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና እምነትን ኣብ ፍቕሩ ዘሎና ትውክልትን ግን ኣይልወጥን እዩ። ዋላ'ኳ እቲ ፍቓዱ ብልክዕ ኣይረድኣና፡ ንኣምላኽና ኣጸቢቕና ስለ እንፈልጦ፡ ነቲ ልኡላዊ ፍቓዱ ክንቕበሎ ድሉዋት ኢና።" እዩ ዝብል። ካብ ህይወቶም ንላዕሊ ንኣምላኽ እሙናት ምዃን መሪጾም። ዕላማኡ ኣብ ዘይተረድኦም ጊዜ ኣሚኖሞ። ንሱ ድማ ከምቲ መጠን እምነቶም ዓስቢ እምነቶም ሂብዎም። ንሳቶም ዘይተረድእዎ ጽቡቕ መደብ፡ ዓቢዩ ጸጋን በረኸትን ኣዳልዩሎም ነይሩ።

**ንሱ ኬናግፈና እንተ ዘይፈተወ'ኸ፧**

እዛ ሳልሰይቲ መሰረት ናይ እምነት ስጉምቲ ኣብ ኣእምሮና ቦታ ኣለዋ'ዶ፧ እንፈትዎም ሰባት ብኹናት፡ ብሓደጋ፡ ብሕማም ካብና ክፍለዩ ከለዉ፡ ኣብ ስራሕና ክሳራ ኪጋጥመና ከሎ፡ ፋይናንስያዊ ሕጽረት ኪጋጥመና ከሎ፡ ስጋና ክሓምም ከሎ፡ መደብና ክዕንቀፍ ከሎ፡ መልሲ ጸሎትና ክድንጉ ከሎን ካልእ ዘይተጸበናዮ ኣሉታዊ ነገራት ኪጋጥመና ከሎን ንሱ እንተ ዘይፈተወ (ከም ፍታ**ዉ** ይኹን) ብምባል ነቲ ዘጋጥመና ፈተና ብጸጋ ንቕበሎ'ዶ፧ እቲ ገሊኡ ናይ እግዚኣብሄር ስራሕ ሽዑ ንሽዑ ክርድኣና ኣይክእልን እዩ። *"ነቲ ኣነ ዝገብሮ ንስኻ ሕጂ ኣይትፈልጦን ኢኻ፡ ድሕርዚ ግን ክትፈልጦ ኢኻ፡ በሎ"* (ዮሃ 13፡7)። ምኽንያቱ፡ ብሓዊ ክንፍተን ከሎና ብዙሕ ክንመሃር ኢና።

ኣብ ክርስትና ብእምነት ክንጓዓዝ ከሎና ኪጋጥሙና ዝኽእሉ ኵነታት ኣለዉ። ገለ ካብቶም ናይ እምነት ባህርያት ተባሂሎም ዝጥቀሱ ንምግላጽ፡ -

## 1. እምነት ኩሉ ጊዜ ብምርጫ ዝተኸበት እያ

ኣብ ጉዕዞና ተባዓት ናይ እምነት ሰባት ወይ ፈራሃት ክንከውን ኩሉ ጊዜ እዩ ምርጫ ዝቐርበልና። እታ ጸባብ መገዲ ወይ እታ ገፋሕ መገዲ ክንሕዝ ወትሩ እዩ ምርጫ ዝቐርበልና። ነዞም ሰለስተ መንእሰያት ዝተቐረበሎም ምርጫ ቀሊል ኣይነበረን። ንጉስ ነቡካድነጸር ወይ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ክሰግዱ፡ እምነት ግና ዋላ ከቢድ ዋጋ ተኸፍል እንተ ኾነት ነቲ ዝዓበየን ዝበለጸን ዘለኣለማዊ ዓስቢ ዘለዎ እያ ትመርጽ።

## 2. እምነት ኩሉ ሳዕ ዘይተጸበኻዮ ፍጻሜ (ክሳራ) ኣለዋ

ዝኾነ ነገር ናይ ክሳራ ተኽእሎ እንተዘይብሉ ናይ እምነት ስጉምቲ ኣየድልዮን እዩ። “ኣብርሃም ናብቲ ርስቲ ኪቕበሎ እተኣመመሉ ስፍራ ኺወጽእ ምስ ተጸውዐ፡ ብእምነት ተኣዘዘ። ናበይ ከም ዚኸይድ ከይፈለጠውን ወጸ።” ይብለና (እብ 11፡8)። ኣብርሃም ንኣምላኽ ኢሉ ኩሉ ህይወቱ፡ ናብርኡ ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ እዩ ነቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ፈጺሙ። በዚ ድማ እዩ ኣቦ እምነት ተሰምዩ። እምነትና ነተግብረሉ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ነገር ዘይንርእዮን ዘይርዱእን ምስዝኸውን ጥራይ እዩ። እምነትና እነተግብረሉ ዝበለጸ ባይታ ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ምርጫ ምስ ዘይህልወና እዩ።

## 3. እምነት ኩሉ ሳዕ ተቓውሞ (ምጽራር) የጋጥማ እዩ

ኣብርሃም ካብ ሓደ ፈተና ናብ ዝኸበደ ፈተና እዩ ዝሳገር ነይሩ። ንኽትዕወት ኩሉ ሳዕ ምጽራር (ተቓውሞ) ክትሰግር ናይ ግድን እዩ። ንኽትሳገርውን ከቢድ ኩነታት ከጋጥመካ ባህርያዊ እዩ። ብእምነት ክንስጉም እንተኼይንና ብዙሕ ተቓውሞታት ብውሽጥን ብደገን፡ ካብ ኣመንቲ ብጾትና ከይተረፈ ከጋጥመና ከምዝኽእል ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ኩነታት ጥጡሕ እንተ ኾይኑ ግን እምነትካ ንኽትዓቢ መለማመዲ ባይታ ኣይክህልዋን እዩ።

## 4. ካብ ፈተና ምንጋፍ ናትና ዝለዓለ ምርጫ ክኸውን ኣይግባእን

ኣምላኽ ነዞም ሰለስተ መንእሰያት ካብ ናብ ሓዊ ምእታው ኣየድሓኖምን። ካብቲ ሓዊ ምንዳድ ግን ብተኣምር ኣናጊፍዎም እዩ። ጐይታ ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም እዩ ኢሉና እምበር ፈተና ከም ዘይቀርበና ቃል ኣይኣተወልናን። ንሱ ኩሉ ስለዝኽእል ነቶም ሰለስተ መንእሰያት ካብ ናብ ሓዊ ምእታው ኬድሕኖም ይኽእል ነይሩ እዩ። ካብኡ ዝበልጽ ስለ ዝመኸረ ግን ካብቲ ውሽጢ ሓዊ ኣናጊፍዎም። እቲ ኣብ ውሽጢ ፈተና እንመሃሮ ትምህርቲ ካብቲ ብዓመታት ብዘይፈተና ክንመሃሮ እንኽእል ተሞክሮ ኣዝዩ ይበልጽ። ካብቲ ፈተና ምስቲ ዓቢ ኣምላኽ ኢና ንወጽእ።

## 5. እቲ ኩነታት ፈተና ማዕረ ኣይኰነን

እግዚኣብሄር ንዅልና ብሓደ ዓይነት (ተመሳሳሊ) ኣገባብ ኣየሕልፈናን እዩ። እዚ ንብዙሓት ኣመንቲ ንምጒርምራም ምኽንያት እዩ ዝኸውን። እዞም ሰለስተ ሰባት ግን እግዚኣብሄር ንኻልኦት ኣመንቲ ዝነበሮ ኣተሓሕዛ ይግድሶም ኣይነበረን። ንሳቶም ነቲ ምስ እግዚኣብሄር ዝነበሮም ዝምድና ጥራይ እዮም ኣተኵሮም ነይሮም። ብዛዕባ እግዚኣብሄር ኣብ ካልኦት ኣመንቲ ዘለዎ ኣተሓሕዛ ምሕሳብ ንባዕሉ ናብ ዓቢዪ መንፈሳዊ ሽግር ከእቱ ይኽእል እዩ። እግዚኣብሄር ንዝኾነ ኣማኒ ብዝኾነ መገዲ ከሕልፎ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ እግዚኣብሄር ልዑላዊ ስልጣን እዩ። ንኣብነት፡  ሃዋርያ ያእቆብ ካብ ቤት ማእሰርቲ ናብ ሞት ሓሊፉ፡ ሃዋርያ ጴጥሮስ ግን ካብ ቤት ማእሰርቲ ተፈቲሑ 3,000 ነፍሳት ድማ ረቢሑ። ጴጥሮስ ብዛዕባ ዮሃንስ ክሓስብን ክዛረብን ምስ ጀመረ፡ *“የሱስ ከኣ ክሳዕ ዝመጽእ ኪጸንሕ እንተ ፈተኹኽ፡ እንታይ ገዲሱካ። ንስኻ ግዳ ስዓበኒ፡ በሎ።”* (ዮሃ21፡21)። ስለዚ፡ መገዲ እግዚኣብሄር ንዅልና ኣመንቲ ሓንቲ ዓይነት ከም ዘይኰነት ኣርጊጽና ክንፈልጦ ይግብኣና። ንሱ ንዅሉ ኣማኒ ብሓደ ዓይነት መገዲ ናይ ምጉዓዝ መምርሒ የብሉን። ንገሊኡ ቅድሚ ፈተና የናግፎ ንገሊኡ ድማ ካብ ማእከል እቲ ፈተና የውጽኦ።

**ናይ እምነት ውጽኢት ወይ ረብሓ እንታይ እዩ፧**

እምነት ናይዞም ሰለስተ መንእሰያት ብዘይ ረብሓ ኣይሰደደቶምን። ገለ ካብቶም ውጽኢት እምነት ናይዞም ሰለስተ ናይ እምነት ሰባት ንምግላጽ፡ -

### 1. ምስ ወዲ ኣምላኽ ሕብረት ገይሮም

እዚ እቲ ዝዓበየ ዘሓጉስ ሓለፋ ዝረኸብዎ እዩ። *“እንሆ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት፡ ገለ እኳ ኸይተጕድኡ፡ ኣብ ማእከል ሓዊ ኪመላለሱ እርኢ ኣለኹ። ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል፡ ኢሉውን መለሰ።”* (ዳን 3፡25)። ክንፍተን ከሎና ሓለፉ ካልእ ጊዜ እዩ ጐይታ ቀረባና ዚኸውን። ብፍላይ ኣብኡ ብምውካል ናይ እምነት ስጉምቲ ወሲድና ምስ ቀረብናዮ ንሱ ድማ ኣዝዩ እዩ ዝቐርበና።

### 2. ካብቲ ሓዊ ብዓወት ወጺኦም (እግዚኣብሄር ንሓይሊ ሓዊ ኣጥፊእዎ)

*“… እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኦም ገለ ሓይሊ ኸም ዘይነበሮ ረኣዩ፡ ጸጕሪ ርእሶም ኣይቃረየን፡ ክዳውንቶም ኣይተለወጠን፡ ኤረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይሓለፎምን።”* (ዳን 3፡27)።

እዞም መንእሰያት ዋላኳ እቲ ዝሓልፍዎ ዝነበሩ ፈተና ንጊዚኡ ከቢድ እንተ መሰለ፡ ኣብ ኣምላኽ ተወኪሎም ናይ እምነት ስጉምቲ ምስ ወሰዱ ግና፡ ኣምላኽ ነታ ዅሉ እትኽእል ኢዱ ዘርጊሑ ካብ ማእከል እቲ ፈተና ብተኣምራት እዩ ኣናጊፍዎም። ንሕናውን ኣብ ኣምላኽ ተወኪልና ስጉምቲ ምስ እንወስድ ንሱ ካብ ዝኾነ ዓይነት ፈተና ብዓወት ከምዘሳግረና ርጉጽ ነገር እዩ። ምኽንያቱ *“ኣምላኽ ንኣና መዕቈብን ሓይልን፡ ብጸበባ ፍጡን*

*ረድኤትን እዩ። ስለዚ ምድሪ እንተ ተገልበጠት… ንሕናስ ኣይንፈርህን ኢና።”* ዝብል ጽሑፍ ስለዝኾነ።

## 3. ስም ኣምላኽ ከቢሩ

*“ከምኡ ገይሩ ኼናግፍ ዚኽእል ካልእ ኣምላኽ የልቦን እሞ፡ ስለዚ ኣነ፡ … ንኣምላኽ ሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድ-ኔጎን ሕሱም ቃል ዜውስእ፡ ንሱ ኺስየፍ፡ …”* (ዳን 3፡29)

ንእግዚኣብሄር ብእምነት ምስ ቀረብናዮ፡ ንሱ ድማ ከም ቃሉ ምስ ቀረበናን፡ እታ ሓያል ኢዱ ኣባናን ብኣናን ብዙሕ ከተስልጥን ከተቕንዕን ምስ ረኣዩ ብዙሓት ንስም እግዚኣብሄር ከኽብሩ ናይ ግድን እዩ ዝኸውን። ህላውነትን ኩሉ ከኣልነትን እግዚኣብሄር ኣብዛ ምድሪ ዝግለጽ ንሕና መተዓይይቲ ኣምላኽ ኳይንና ብእምነት ምስ እንመላለስ ጥራይ እዩ።

## 4. ናብ ክብሪ ደይቦም

*“ድሕርዚ እቲ ንጉስ ንሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድ-ኔጉን ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ሸምም።”* (ዳን 3፡30)።

ቃል እግዚኣብሄር ብንጹር ከም ዝሕብረና እቲ ብሒደት እሙን ዝኾነ ኣብ ዓቢ ነገር (ጉዳይ) እዩ ዝሸየም። ንኣምላኽና ኣሚንና ብእንወስዶ ስጉምትታት ካብ ጸጋ ናብ ጸጋ፡ ካብ ዝተሓተ ናብ ዝለዓለ መንፈሳዊ ሓላፍነት ኢና እንሰጋገር። ስለዚ፡ ንሕናውን ብተመሳሳሊ ኣብ ኣምላኽና ተወኪልና ናይ እምነት ስጉምቲ ምስ እንወስድ ጥራይ ኢድና ኣይንኸይድን ኢና። ምኽንያቱ ንሱ ነቶም ኣብኡ ዝውከሉ ፈጺሙ ኣየሕፍርን እዩ። ብእምነት ክንስጉም እግዚኣብሄር ይደግፈና። ኣሜን!